ወረዳ ራ/ዓዘቦ ማረት መተሓባበሪ ቤት ፅሕፈት ኣብ ጣብያ ገነቴ ቤት ትምህርቲ መጎራን አብ ጣብያ ካራ ቤት ትምህርቲ ፎንደልን ንዝስርሑ መምሃሪ ክፍልታት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ናይ ህንፃ መሳርሒታት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ስለዚ ክትጫረቱ እትደልየዩ ተጫረቲ በዞም ቐፂሎም ዘለዉ ረቋሒታት ክትወዳደሩ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 4, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 17, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ራያ ዓዘቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 17, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

1 ናይ 2008 ዓ/ም ዝተሐደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎን ዘይምለስ ብር 20.00 (ዒስራ ቅርሺ)ከፊሎም ካብ ከተማ መኾኒ አብ ደደቢት ማይክሮፋናንስ ህንፃ 5ይ ደብሪ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ማረት መተሓባበሪ ወረዳ ራ/ዓዘቦ ናይ ጨረታ ዶክመንት ክወስዱ ይክእሉ

2 ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ 2% /ክልተ ሚታዊ/ ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ /ቢድ ቦንድ/ሕጋዉነቱ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ኢንሹራንስ ቦንድ ጥራሕ ከትሕዙ አለዎም ጥረ ገንዝብ ምትሓዝ አይፍቀድን

3 ተጫረቲ ቫት ዝትመዝገብሉ ናይ ቫት ሰርተፊኬት ፎቶ ኮፒን ኦርጅናልን ሒዞም ክቕርቡ አለዎም ተጫረቲ ዝግበኦም ግብሪ መንግስቲ ብእዋኑ ዝኽፈሉ ምኻኖም መረዳእታ ኣታሓሒዞም ከቕርቡ አለዎም ብተወሳኪ ናይ ግብሪ መለለይ ቁፅሪ /TIN/ ከቕርብ አለዎም

4 ተጫረቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 17/5/2008 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ዝጫረትሉ ሰነድ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ፖስታ አብ ቤት ፅሕፈትና ኩሉ ጊዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ከቕርቡ ይኽእሉ

5 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 17/5/2008 ሰዓት 4:30 ቅድሚ ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም አብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅት ማረት መተሓባበሪ ከተማ መኾኒ ይክፈት

6 እቲ ሰዓራይ ዝሰዓረ ምኻኑ ምስ ተነገሮ አብ 5ተ መዓልቲ ዉዕሊ ክአስር ዝኽእል ክሸዉን ይግባእ

7 ንብረት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ናብ ቤት ፅ/ት ማረት መተሓባበሪ ከተማ መኾኒ ከቕርብ ዝክእል ምኻኑ

 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ አማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle